# ህዝቢ ኤርትራ ክፈልጦ ዘሎዎ ሓቂ።

ዝኸበርኩም ኤርትራውያን እንቋዕ ብሰላም በዓል ነጻነትና ኣብዓልና። ንዓመታ ንኹልና ብሰላም ኣጽኒሑ ብዝለዓለ ደረጃ ክነብዕል ተስፋ ናይ ኩልና እዩ። ብዓላትና መግለጺ ናይ መንነትና ስለ ዝኾኑ ብዝደመቐን ዝላዓለን ደረጃ እነብዕሎ ባዓላት'ዩ። ብዓላትና ክብርን ዓቢ ሚዛንን ዘለዎ ኮይኢኑ፣ ንስለ በዓል ዝበዓል ጥራሕ ኣይኮነን። እንታይድኣ ትርጉምን ታሪኽን ናይቶም ጀጋኑ ንምዝካርን፣ ዝኣተናዮ መብጽዓ ንምሕዳስ እዩ።

ብኻልእ ወገን ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ብዙሕ ናይ ቃልሲ ዓመታት ጠምየ ሓሚመ ተሸጊረ ኢሉ ዓዱ ከይለቐቐ ቅልጽም ጸላእቱ ሰቢሩ ፣
ርእሶም ኣድኒኑ ዝሓፈሶ ዓወታት ንምዝካርን ነቲ ዝመጽእ ዎሎዶታት ንምስግጋርን እነብዕሎ በዓላት እዩ። ባዓላትን ናይ ህዝብን ሃገርን በዓላት ዳኣንበር፣ ናይ ውልቀ ወይ ናይጉጅለ ኣይኮነን። ኮምኡ ስለ ዝኾነ ከኣዩ ካብ ውሽጢ ሃገር ሓሊፉ ናብ ሙሉእ ዓለም ኤርትራውያን ዝርከቡሉ ሃገራት ብድምቀትን ብኩርዓት ኣፍልብና ነፊሕና ብዓቢ ተኣማንነት 'ኣነ ኤርትራዊ እየ" ኢልና ዓቢና ንእሽቶና ብድምቀት እነብዕሎ።

እንቶኮነ ነዚ ቁዱስ ዓላማ'ዚ ዝጻረሩ ኣብ ሓገርዊ ረብሓእ ጥቕሞም ባዕሎም ዝነፈጉ ብዱሑርን ጸቢብን ኣተሓሳስባ ዝተለውሱ ውልቀ ሰባት፣ ንዝኾነ ኣካል ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘይውክሉ፣ ኣብ ሓገራዊ ዕማማት እጃሞም ዘየበርቱ፣ በንጻሩ ኣብ ግዜ ወራር ወያኔ ንጹር መርገጽ ዘይነበሮም ሰባት ኣብዚ ሕጂ እዋን ከምቲ ኣድጊ' ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆል" ኢላ ኢልካ ዝምሰል መትከል ዝሓዙ፣ ንሓድነትና ከበታትኑን፣ ግሩሃት ከዳናግሩን ይረኣዩ። ኤርትራዊ ግን ቀደም ዝተሰደ ይኹን ሕጂ ዝሰደድ ዘሎ ንሃገሩን ህዝቡን መንግስቱን ምክልኻል ሓይሉን የሕሊፉ ዝህብ ዜጋ ከምዘየለ ኩሉ ዝርድኦን ብዓይንና ንርእዮ ዘሎና ሓቂ'ዩ። ማይ ሓቁንካ ልኻይ ኣይተውጽእን። በቕሊ ከትወልድ ኣይትጽበን፣ ኣብ ሓመድ ዝፈሰሰ ማይ ኣይሕፈስን። እዚ ምስላታት'ዚ ነዞም መንእሰይ ክንክስቦ ኢና ኢሎም ትማሊ ዝጀሃሩ ዝነበሩ፣ሎሚ ማይ ዓሙኾም ዝተረፉ ይምልከት። ኤርትራዊ መንእሰይ በዓል ሰፊሕ ልቦና፣ ጽቡቕን ሕማቕን ዝፈላሊ፣ ድሕነት ህዝቡን ሃገሩን ቀዳምነት ዝህብ፣ ኣብ ክብሪ ሰንደቕ ዓላማኡ ዝኣምን፣ ክብሪን ሕድርን ሰማእታቱ ልዕሊ ዝኾነ ፍጡር ዝሰርዕ፣ ኣብ ዝኣተዎ መብጽዓ ዝጸንዕ፣ ብውልቃዊ ረብሓ ዘይታለል፣ እሙን ብርእሰ ታኣማንነት ዝነብር መንእሰይ እዩ። ሎሚ ናይ ጊዜ ሕቶ ኮይኑ ስድራ ቤት ክረድእ ባሕሪ እንተሰገረ፣ ንኸደምትን ተለኣኣኽቶም ዝኸድዔ ይመስሎም ይኸውን። ጋሻ ዓሻ ክምዝበሃ ምናልባትንግዜኡ ብግርህነት ወይ ብዘይኣፍልጦ ኣብ ግጉይ ወገን ይጽጋዕ ይኸውን። እዚ ማለት ግን ዘይስሙ ከውህቦ ኣይግባእን። ናይዚ ሓቅነት ኣብዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ክንምልከት ንኽእል።

ኣብዚ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ከተማ ሳንሆዘ ካሊፎርንያ ( San Jose California) ኩለን ህዝባዊያን ማሕበራትናን ማሕበረኮምናን ምስቃል ባንደራናን በዓል ነጻነት ንምድላው ኣብ ንሸባሸብሉ ዝነበርና ግዜ ዎዮም ዝጠፈሹ ዓቕሊ ጽበት ዘንቀሎ ፈተነ ንዕርገት ባንደራና ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዝጻረር ስጉምትታ ንምሳድ ፈተነ ገበሩ። ብቴለፎን ደዊልካ ኣብ ምስቃል ባንደራና፣ ባንደራ ህዝቢ ኤርትራ ሰብ ከይካፈል መጠንቀቕታታት ክዝርግሑ፣ መልእኽቲ ኣብ ቴለፎናት ክገድፉን ላዕልን ታሕትን ክሸባሸቡ ቀኒዮም። ዎዮ ድኣ ሓንጎሎም ካብ ኣፍንጫኦም ኣርሒቑ ስለዘይሓስብ እንበር ፣ቕድሚ እዚ ኣነዋሪ ስጉምቲ ምውሳዶም ነቶም ኣባላትና ኢሎም ዝኣምኑዎም ባእታታት ኣማኺሮም እንተዝነብሩስ፣ እኩይ ተግባራቶም ኣብውሽጦም ተጠጂኡ ምተረፈ፣ ጉዶም ከኣ ኣይምተቓልዔን። ምስቃል ባንደራ ማዓልቱ ኣኺሉ፣ሰዓቱ ኣቕጺሩ ደበኽ ምስበለ፣ ካብቲ ነቲ መደብ ከተግቡሩ መዚ ተዋህቡዎም ዝነበሩ ሰባት ዝተጻበዩዎ ብዝሒ ተሳተፍቲ፣እቶም በቲ እከይ ጎስጓስ ተጻባእቲ ዝሓዘኑ ብዝሒ ዝለዓለ ነበረ። ካብዚ ንርድኦ ነገር እንተሎ ተንኮል ንመሃዚኣ'ያ ትጎድእ። ባንደራና ብተራእዩ ዘይፈልጥ ብዝሒ ኤርትራውያንን፣ ፈተውትን ብዓቢ ክብሪ ኣብ ጎኒ ባንደራ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (U.S.A) ቀኒዓ በቲ ሽዑ ዝነበረ ህዱእ ንፋስ እናንበልበለት ነቶም ንክብራ ኣብትሕቲኣ ኮይኖም ዝምልከቱ ዝነበሩ ምስጋናኣ ኣቕረበት።

ጌጋ መሔበሪ ቑኑዕ እዩ። ወዲ ሰብ ጌጋ ክገብር ኑቡር'ዩ። ጌጋ ጌሩ ኢልካ'ውን ኣይጽላእን። ካብ ጌጋኡ ምስ ዘይምሃር ግን ጉጉይ ትብሎ። እዚኦም ካብቲ ዝገበሩዎ ጌጋ ዝተማህርዎ ተሞኩሮ የለን።ከም ልማዶም ሕጂውን ኣብ ማዓልቲ በዓል ነጻነት ኤርትራውያን ግንቦት 24 ኩሉ ኤርትራዊ ንከይሳተፍ፣ ባምሳያኡ ጸሊም ክዳን ተኸዱ/ተኸዲና ክውዕል/ክትውዕል ጸዋዒቶም ቀጸሉ። እቲ ዝረኸቡዎ መልሲ ግን ብቓላት ኣይነበረን፣ እንታይዳ ብተግባር እዩ ኔሩ። እኳዳኣ ከተማ ሳን ሆዘ ንመጀመሪያ ወይ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ብናይ ገዛእ ርእሳ ሙዚቀኛታት ድሙቕ ዝኾነ ባዓል ኣሕሊፉ።

ኣብዚ ክስትውዓል ዝግብኦ ነገር እንተሎ ሃገርና ኤርትራ ብመትከል ዝጸቡኡና ዜጋታት እቶም ደረጃ ከፋቶም ካብ ጉቡእ ሓሊፉ ናይ ዕሱባት ዕሱብ ዝኾኒ ዳኣንበር፣ እቲ ብሓሳብ እንፋላለይሉ ርእይቶታ ይኹን ሓሳባት ግን ብመትከል ሓደ ዝገብረና ተጻባእቲ ከብለና ኣይክእልን። ኮምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ'ዩ ተቛውሞ ናይ ሓሳባት ዳንበር ናይ መትከል እንትርፎ ኣብ ውሑዳት ኣብ ቡዙሓት ዘየለ። ነዚ ዝኸውን ዓቢ ኣብነት ኣከባብራ ባዓል ነጻነት ኣብ ሃገር እስራኣል እተገብረ'ዩ። እተን ዓሰርተ ጊዜ ሰብኣዊ መሰላት ተጣበቕቲ ኢና ዝብላ ዘቕርብኦ ክሲ መሰረተ ኣልቦ ምኳኑ ዘመስከረ ባዓል'ዩ። "በትሪ ሓቂ ትቐጥን ዳምበር ኣይትስበር" ከምዝበሃል እንሆ እታ ሓቂ እናጎልሄት ከም ብርሃን ጸሓይ እናደመቐት ትመጽእ ኣላ።

ዎይልኦም እቶም ናይክፋት ሃንደስቲ ብድሕሪ መጋረጃ ኮኣይኖም ንንጹሃት መሳርሒ ዝገብሩ ዘለዉ ዳኣንበር፣ ንሕናስ ደቂ ሓንቲ ሃገር፣ ህርመት ልብና ሓደ፣ራእይና ሓደ፣ ዓላማና ሓደ፣ ሓደ ህዝቢ ኢና።

ሞጎስ ነቲ ዘይሕለል ሰራዊት ምክልኻል ሓይልታትና።

ልምዓታዊ መደባትና ይሰስን።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።